ካብ ሃብተማርያም ሚካኤል (ደጎል)

**ትሕዝቶ፥** 1- ህዝባዊ ግህሰትን ዲታቶርያዊ ፍጻሜታትን (ህግዲፍ)
2- ህግዲፍ እንከሎ የለን ድቃስ (ግጥሚ)
3- ጃንዳታት ህግዲፍ ክመይ ዝኣመሰሉ እዮም
4 ዋዛ ምስ ቁምነገር
5- ለበዋ

## ህዝባዊ ግህሰትን ዲክታቶርያዊ ፍጻሜታትን (ህግዲፍ)

እዚ ኣርእስቲ እዚ መጥቀስየይ ምኽንያት ህግደፍ ነዚ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክሰጋገር ዝጸንሔ ጅግንነታዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ዲክታቶርያዊ ጠቕሙ ቀይሩ፥ ንሓፋሽ ከኣ ኣብ ኣርዑት ባርነት ጸሚዱ ሒዝዎ ስለዘሎ እየ። ቅዱስ ባህልናን ተፈታዊ ልምድናን፥ ፍትሕን ስነስርዓትን ዝመልኦ ብባይቶ ዝመሓደር ብብህርያቱ ገስጋሲ ዝነበረ ሕግን ስርዓትን ኣህሲሱ፥ ናይ ሰማእታት መብጽዓ ጢሒሱ፥ ህዝብና ዝተጸበዮን ዝተሰውኣሉን ዲሞክራስያዊ ኣመሓዳድራ ደምሲሱ ብዲክታቶርነት ተኪኢዎ። ንሓድነት ህዝቢ ጕዛዝዩ ኣልሚስዎ። ንሞራልን ንያትን ህዝቢ ድማ ንታሕቲ ደቑስዎ። ንብኣሽሓት ዝቝጸሩ ሰብ በላሕቲ ኣእምሮ ጀጋኑ ኣብ ትሕቲ መሬት ኣስፊርዎም። ንሰራሕተኛታት ካብ ስርሖም ጸልጺልዎም። ንክንደይ ስድራ ቤታት ጸሞም ኣሕዲርዎም። ንመንእሰያት ካብ ትምህርቶም ጠጠው ብምባል ናብ ውትህድርና ብሓይሊ ኣዔስኪርዎም። ኣብ ዘየድሊ ውግእ ንኹሎም መንእሰያት ብጅምላ ኣህሊቕዎም። ንደቀንስትዮ ክብረተንን መሰለንን ብምግፋፍን መጻወቲ ሓለፍቲ ብምኻንን ኣብ ሕሱር ዕዳጋ ብምውፋርን ኣሕሲርወንን ኣነዊርወንን። ንቡዙሓት እሙናትን በላሕትን ዜጋታት ብዘይ ፍትሕን ፍርድን ኣሰረን ቐንጸለን። ብሚእቲ ሽሕ ዝቝጸሩ ህዝብና ንስደት ከም ዝባረሩ ገበረ። ንኣሽሓት መንእሰያት ከይፈተዉ ካብ ዓዶም ንስደት ክንከራተቱን ኣብ ፈቀዶ ምድረበዳ ክቓጸሉን ኣብ ውቅያኖሳት ጢሒሎም ንኽሃልቁን ኣሳደደ። ሬሳታቶም ናብ ስድርኦም እንተመጸ ንሓዘንተኛታት ሓምሳ ሽሕ ቐጽዔ። ንመርዳእቲ መርድእ ከይተረፈ ህግደፍ ሕንኽ ከይበለ ከቢድ መቕጻዕቲ ኣውረደ። ንህዝቢ ብመቕጻዕትን ብባርነታዊ መግዛእትን ናብ ድኽነትን ጥሜትን ከም ዝድርበ ገበረ። ፋሺስታዊ ፍጻሜታት ህግዲፍ ቀዛፍን መህለኽን ደመኛ ፍጥረትን ምኻኑ ኣብሪሁ የርእየና። ከምዚ ዓይነት እዚ ተግባራት ዋላ ብኣረማውያን ሸፋቱ እንተኾነ'ውን ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ ፍጡር ክፍጸም የብሉን።

ከቢድ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ - ማእሰርቲ - መቕተልቲ - ብጥሜትን ድኽነትን መቕዘፍቲ - ብሕቡእ መጭወይቲ ወዘተ... ዕለታዊ ዕድሎት ህዝቢ ኮይኑ ኣሎ። ህግዲፍ ካብ ህዝቢ ነጻ ጉልበትን ነጻ ገንዘብን እንዳ መዝመዘ ንህዝቢ ናብ ጊሎት ቀይሩ ወናኒ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ኣሎ። ንሃገር ብዘይ ሕግን ቅዋምን ብጓይላን ዳንከራን እንዳነፍሔ ንህዝቢ ናብ ዕስክርና ብምግዳድ ኣብ ናይ ባርነት ሰኪዔቱ ሓኒቑ ይሕዝን ይሕይርን ኣሎ። ህግዲፍ ንመንእሰያት ገፊጡን ኣብ ናይ ባርነት መሰልጠኒ መደበር ሳዋ ንባርነታዊ ኣገልግሎት ክምልመሉ ይእዝዝ። ንነብሲ ወከፍ ሰብ ንሳዋ ንባርነት ክዕስከር ዝሸይድ ንወለዲ ወይ ንስድራቤት ክሳብ ሓደ ሽሕ ናቕፋ ንክሽፍሉ የገድድ። ብወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ዝልለ ወፍሪ ባርነት ኣብ ከቢድ ጉልበታዊ ዕዮ ከም ባሮት ብነጻ ጉልበቶምን ህይወቶምን ብህግዲፍ ተወኒኑ ክሳቐዩ ይነብሩ ኣለዉ። ንመሰሎም ዝተቓወሙ ተመሃሮ - ጋዜጠኛታት - ኣካለ ስንኩላን - ኣባላት ሰራዊት -

ሓረስቶት - ሸቃሎ - ኣባላት መሪሕነት - ኣመንቲ ሃይማኖት - ምእመናንን ካህናትን - ኣረጋውያንን ዓይነስውራትን - ደቀንስትዮ ኣደታትን ኣሓትን - ኣቦታትን ኣሕዋትን ብጅምላ ሰፈሮም ቤት ማእሰርቲ ኮይኑ ኣሎ። ሜሬት ኤርትራ እታ ዝበዝሓ ናይ ስቓይ ቤት ማእሰርቲ ዝተዘርግሓላ እያ። ከም ኣብ ዓዲ ኣበይቶ - ካርሸሊ - ዊዓ - ገልዓሎ - ዳህላኽ - ኣብ ፈቀዶ ትሕተ ምድሪ ተሰሪሖ ዘሎ ጐዳጕዲ ናይ ባርካን ከበሳን ወዘተ… ዝሳቐን ዝጠፍእን ዘሎ ህይወት ህዝቢ ኣረመናዊ እንታይነት ናይ ህግዲፍ ዘረጋግጽ ቀዛፊ ተግባራት ምኻኑ ብሩህ ሓቂ ኰይኑ ኣሎ። እዚ ፋሽስታዊ ገበን ዝመልአ ናይ ህግዲፍ ደማዊ ታሪኽ ካብ ኩሉ ዝሓለፈ ባዕዳዊ መግዛእትታት ኣዝዩ ዝሓሰመን ዝመረረን ስለዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ይቕዘፍን ይድምሰስን ኣሎ። ደመኛ ህግዲፍ ብስቓይን ውርደትን ህዝቢ ዝሕጎስን ብደም ንጹሓት ጆጋኑ ስውኣት እንዳሸቐጠ ዝነብር ዘሎ እዩ። ህግዲፍ ክሳብ ሕጂ መድሃኒት ዘይተረኽቦ ሰብኣዊ ፍጡር ዝመስል ቀዛፊ ዓይነት ቫይረስ እዩ። ህግዲፍ ኣብ ውሽጢ ህዝብና ኣሕሊፍካ ናይ ምውሃሃብን እንዳሓሶኻ ምጥቕቓዕን ምክሳስን ሓሲኻ ምምስካርን ወዘተ.. ዝመሰለ ጉዕዙይን ነውራምን ዝኾነ ባህሊ ኣስፋሕፊሑ ኣሎ። ምኽንያቱ ድማ ዲክታቶር እሰያስ ፍሉይ ተውህቦ ናይ ሓሶት ክእለት ስለዘለዎ ናይ ምሕሳው ፍልስፍና ሓደ ካብቲ ናይ ስራሕ ሞያኡ እዩ። ተፈሪሁ ንኽነብር ብፋሺስታዊ ጠባያቱ የዕገርግርን ይጀሃርን ይምካሕን። ንህዝቢ ምርዓድን መሰሎም ንዝሓተቱ ምእሳርን ምርሻንን ተፈራሂ ኮይኑ ንኽነብር ዝጥቀመሉ ሓደ ካብቲ መዕነዊ ፍልስፍንኡ እዩ። ዲክታቶር እሰያስ ብዓይኒ ዓለም ክርኤ እንክሎ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ሓደ ዘይረብሕ ጽሉል መዕገርገሪ ቈልዓ ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ በዚ ዘይረብሕ ዕዋላን መዕገርገርን ዝኾነ ኣካል ናይ ድያብሎስ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ህዝባዊ ሓላፍነት ዘይስምዖ ንህዝብና ክዘንቦን ከም ባርያ ክውንኖን እንክሎ ዘስደምም ጥራሕ ዘይኮነስ ዘሕፍርን ዘነውርን ኣብርእሲ ምኻኑ ኣዝዩ ዘሕዝንን ዘስቈርቍርን እዩ።

ታርኻዊ ኣመጻጽኣ ናይ ዲክታቶር እሰያስ፡ ባዕዳዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ መሳርሒ ንኽኸውን ተላኢኹ ዝነበረ እዩ ዝብል ጭብጢታት ኣሎ። እዚ ንታሪኽ ገዲፈ ካብ ጠቕላሊት መሪሕነት ወይ ቅያደልዓማ ክፍንጨል እንክሎ ኣብ ንሕናን ዕላማናን ዘስፈሮ ጽሑፉ ኣብ ድሑር ሕብረተሰብኣዊ ሕማማት ተመርኲሱ ዝፈጠሮ ናይ ክርስትናን ምስልምናን ስሚዒታት ሃይማኖት ኣለዓዒሉ “ ንሕና ክርስትያን ተቐንጺልና ዝብል መናፍሕ ኣብ እዝኒ የዋሃት ህዝቢ ከበሳ ደወል ደወለ። ብውሽጡ ተኸሩላ ብግዳሙ ከኣ ቈርበት በጊዕ ተኸዲኑ ናብ ህዝቢ ከበሳ ተጐዝጒዙ። ብናይ ሓሶት መዛምሩ ገይሩ ደጋጊሙ ጭጕራፍስ ሃሪማ ተእዊ እሰያስ ከኣ ኣብ ስልጣን ምስ ቅያደልዓማ ከሎ ዝገበሮ ገበናት ዓማ ገይራቶ እናበለ ኣውያቱ ዘርግሔ። ብየዋህነት ዝተቐበሎ ህዝቢ ከኣ ብዙሓት ዓማዊል ብሃማኖታዊ ስሚዒት ዝሰኽሩ ሰዓብቲ ገበረ። ናይ ሎሚ ህግዲፍ ናይ ቀደም ሰልፊ ናጽነት ድሒሩ ህዝባዊ ሓይልታት ጸኒሑ ህዝባዊ ግንባር እናተባህለ ስሙ ክቕያይር ዝጸንሓሉ ምኽንያት ጕሒላን ደመኛ ፍጥረትን ስለዝኾነ ኣብ ኣስማት ክሕባእ ስለዝደለየ እዩ። ካብ መድረኽ ሰልፊ ናጽነት ክሳብ መደረኽ ህግደፍ ዝነበረን ዘሎን ናይ እሰያስ ዲክታቶርያዊ ፍጻሜታት ማእለያ የብሉን። ብእሰያስን ጃንድኡን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረደ ማእሰርትን ስቓይን ውርደትን ሞትን ማህለቕትን ፋሽስታዊ ፍጻሜታት ናይ እሰያስ ኣሉታዊ ዝኾነ ደማዊ ታሪኽ እዩ። ይኹን'ምበር እዚ ኩሉ ፋሺስታዊ ጭቆና እንዳወረደ ስለምንታይ ህዝባዊ ማዕበል ዘይትትኮስ ክንብል ንኽእል። ብናተይ ርእይቶ እታ ግዝይኣ ሓልያ እትትኮስ ሰውራዊት ፈንጂ (ታይም ቦምብ) ሰዓታታ ኣይበጽሔን ኣሎ በሃላይ እየ። ህዝባዊ ማዕበል ክድንጉ ይኽእል እምበር ክዕገት ከምዘይከኣል ስነሞጎታዊ ሓቂ እዩ። ከደንጉዮ

ዝኽእል ረቛሒታት ብናተይ ኣተሓሳስባ ህዝብና ብስርዓት ህግደፍ ብፍርሀን ብድንግርግርን ተዘኒቡን ተወኒኑን፡ ገሊኡ ከኣ መስዋእቲ ሰማእታት ረሲዑ ምእንቲ ውልቃዊ ረብሕኡ ኣብ ኸሕደትን ጥልመትን ይርከብ። ስለዚ ካብ ሕብረተሰብኣውን ፖሊቲካውን ክውንነት ተበጊስና <u>እዋናዊ ዝንባሌታት</u> ህዝብና ኣብ ኣርባዕተ ደርጃታት ከፊልና ክንርእዮ ንኽእል። ዝርዝሩ ከምዚ ዝስዕብ ክግለጽ ይከኣል።

<u>1ይ ደረጃ ኣካል ሕብረተሰብና = ተደናጋሪ (confused) ኣካል ሕብረተሰብ ኣሎና።</u> እዚ ተደናጋሪ ዝኾነ ኣካልና፡ ህግዲፍ መን ምዃኑ ካብ ዘይምርዳእን ዘይምስተውዓልን ዝኣክል ማለት <u>ዘይምስትውዓል ካብ ምዕዋር ይገድድ</u> ከምዝብሃል፡ እዚ ተደናጋሪ ኣካል፡ ሕጽረታት ናይ ንቑሕ ሕብረተሰባዊ ክውንነትን ፖከቲካዊ ብስለትን ስለ ዘይውንን፡ ዝነገሰ ንጉስና ዝበረቐ ጸሓይና ኢሉ ተደፊኑ ዝነብር ኣካል ኮይኑ ኣብ ድሑር እምነታትን ጸቢብ ስሚዒታትን ተሓጺሩ ዝነብር ውጹዕ ሸነኽ እዩ።

<u>2ይ ደረጃ ኣካል ሕብረተሰብና = ተምበርካኺ ዝኾነ ኣካል ህዝብና እዩ።</u> እዚ ሸነኽ እዚ እንታይነት ህግዲፍ እናፈለጠ ብፍርሂ ስለዝተዋሕጠ “ ዝብኢ እዩ ዝበልዓኒ ዘሎ እሞ ከይሰምዓናስ ኣይትዛረብ” ዝዓይነቱ ፍርሂ ኣብ ስነኣእምርኡ ራዕዲ ኣእትዩሉ፡ ኩሉ ህግዲፍ ዝብሎን ዝገብሮን ኣሜን ኢሉ ይቕበሎ። ካብ ዘለዎ ስቓይ ዘድሕኖ እንተረኸበ ክምህለል ይውዕልን ይሓድርን።

<u>3ይ ደረጃ ኣካል ሕብረተሰብና = ከሓዲ/ጠላሚ ኣካል ሕብረተሰብ ኣሎና።</u> እዚ እቲ ዝኸፍኤ ኣካልና ኮይኑ ንህግዲፍ ኣጸቢቑ እናተረድኦ ንገለ ንእሽቶ ስልጣን ክብል ንሰማእታትን ንህዝቡን ዝኸሕድ እዩ። ገሊኡ ድማ ትካል ይኹን ገዛውቲ ስለዘለዎ ልዕሊ ኩሉ ምእንቲ ውልቃዊ ረብሓ ክብል ዝኸሕድን ዝጠልምን እዩ። ገለ ኣካላት ከኣ ሃይማኖታዊ ይኹን ወገናዊ ብዝኾነ ድሑር ስሚዒታት ተገዚኦም እሞ ምስ ህግዲፍ ጢዒምዎም ዝነብሩ ስለ ዝመስሎም መዛምርቲ ህግዲፍ ኮይኖም ንኽነብሩ ዝመርጹ ከሓድቲ ኣካላት እዮም። ኩላቶም እዞም ከሓድቲ ኣካላት ሕብረተሰብ ኣዝዮም ስሱዓትን ቀንዲ ደመኛታት ህዝብን እዮም።

<u>4ይ ደረጃ ኣካል ህዝብና = ተበጃዊ ኣካል ሕብረተሰብ ኣሎና።</u> እዚ ክፍሊ እዚ እቲ ኣዝዩ ዘሐብነናን ዘኹርዓናን ጅግና ዝኾነ ውፉይ ተቓላሳይ እዩ። ምሉእ ሓላፍነት ተሰሚዕዎ ቅድሚ ኩሉ ህዝቢ ይቀድም ወይ ሃገር ትቀድም ብማለት ናይ ህዝቢ ዲሞክራስያዊ መሰላት ንምርግጋጽን ስልጣን ንህዝቢ ንምስግጋርን ኣበርቲዑ ምእንቲ ህዝቢ ዝቃለስን ዝእሰርን ምእንቲ ህዝቢ ህይወቱ በጃ ዝህብን ኣካል ሕብረትሰብ እዩ። ክሳብ ህዝባዊ ዓወትን ሱር ነቀል ለውጥን ዝረጋገጽ ከኣ ብሰውራዊ ተበግሶን ተበጃውነትን ንህዝቢ ጠርኒፉን መሪሑን ነቲ ህግዲፍ ሰሚምዎ ዘሎ ህይወት ህዝብና ንምድሓን ዝዕጠቕን ግብራዊ መልሲ ዝህብን ወካሊ ናይ ህዝብና  እዚ ተበጃዊ ኣካልና እዩ። ስለዚ ንሕና ከኣ ሓላፍነትና ካብ ህግደፋዊ ባርነት ህዝብና ንምድሓን ምስ ተበጆውቲ ኣካላት ክንሰርሕ ውጽዕቲ ኤርትራ ትሓተና ኣላ። እንታይነት ህግዲፍ እንተተረዲእና ማለት ህግዲፍ ክበሃል እንከሎ ህዝባዊ ግንባርን ዲሞክራስያውን ፍትሕን ኢሉ እኳ ስሙ እንተ ጸውዔ፡ ሓቀኛ ተግባራዊ ትርጉሙ ግን ህግዲፍ ማለት ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ህዝባዊ ግህሰትን ዲክታቶርያዊ ፍጻሜታትን እዩ ዘስምዕ። ስለዚ ህግዲፍ ደም ሓፋሽ ስለዝሰቲ ንህዝቢ የህልቕን ክብሪ ወዲሰብ ይግህስን ስለዘሎ ፋሽስታዊ ፍጻሜታቱ ወይ ተግባራቱ ብግሁድ ዝርኤ ዘሎ እዩ። ስነ ኣእምራዊ ሞራላውን ኣካላውን ህይወት ኤርትራውያን፡ ምስናይ ሃብቱን ንብረቱን፡ ብመጻይ ደም ዝኾነ ህግደፍን ጃንድኡን ክዓኑ ንርእዮ ኣሎና። ህዝብና ደሙ ይምጸ፡ ህይወቱ ብማእሰርቲ ይማስን፡ ክብረቱ ይግፈፍን በቢዕለቱ ከኣ ይመውትን ይሃድምን ይሃልቕን

ኣሎ። ህግዲፍ ብግሁድ ቀንጻሊ ዲያብሎሳዊ ፍጥረት ስለዝኾነ ብናይ ሓባር ቅልጽም ዓመጻዊ ስጉምቲ ተጠቒምና ክነብርሶ እዋን ዝሓተና ዘሎ ህጹጽ መጸዋዕታ እዩ።

እዚ ሓፋሽ ዘህለቐ - ክብረትን መሰላትን ደቂ ሰባት ዝገሃሰ - ንጹሕ ደም ሓፋሽ ዝመጸየ - ዲያብሎሳዊ ፍጥረት፡ መን እዩ እንተ ተባህለ - መልሱ ህግዲፍ ዝብሃል ቀዛፊ ፍጥረት እዩ። ንሱ ዝፈጸሞ ገበናትን ቅንጸላታትን ማእሰርትን ዘውረዶ ስቓይን ውርደትን ማእለያ ዘይብሉ እኳ እንተኾነ፡ ብውሕዱ ንምጥቃስ ዝኣክል ኣብዚ ቀረባ እዋን ጥራሕ ዝተራእየ እስከ ንመልከት። ልዕሊ ኣርብዓ ሽሕ ዝበጽሑ ኣብ ከንቱ ውግእ ዝሃለቑ መንእሰያት ተቐቢሮሙና። ዝማእመና ደቀንስትዮን፡ ዝዘኽተሙ ሕጻናትን ብስነኣእምራዊ ጽቕጠት ሓሚሞምና። ብሓዘንን መሪር ጓህን ተሳቒዮም ህይወቶም ዝሓለፈ ወለድን ከይዶሙና። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተሳቒዮም ዝሞቱ ናእሽቱን ዓበይትን ተጐዲኦምና። ብብኽያት ዝዓወረ ኣዒንቲ ኣቦታትን ኣደታትን - ኣብ ትሕቲ ባይታ ብሰንሰለት ተኣሲሮምን ለሚሶምን ዘለዉ ጀጋኑ ኣሕዋትን ኣሓትን ተሃስዮሙና። ደቅኹም ሃዲሞም ብዝብል ምስምስ ከቢድ መቕጻዕቲ ብምውራድ ኣብ ድኽነትን ጥሜትን ተደርብዩ ዝሳቐ ዘሎ ስድራ ቤታት ተሳቒዮምና። ዓሳኽር ህግዲፍ ከም ተኹሉ ኣድብዮም ብምጽናሕ ንተመሃሮ ካብ ቤት ትምህርቶምን ገዛውቶምን ካብ ዕዳጋን - ኣብ ኩሉ ከተማን ገጠርን ንዝርኸቡ ናእሽቱ መንእሰያት እንዳ መንጠሉን ብሓለንጊ እንዳገረፉን ናብ ዊዓን ኪሎማን ዝተዳጎኑ ተመሃሮ ጠፊኦምና። ኣብ ብዚንጎ ዝተሰርሔ ኮንተይነር ብሙቑት ተቓጺሎም ዝሞቱ ኣሽሓት ተመህሮ ወዘተ… ተዘሚቶምና። ነብሲ ወከፍ ወዲ ሃገር ንስቓይን ንሞትን ከምዝተፈርደ - በቢተራ ኸኣ እዚ ስቃይን ሞትን ይበጽሖ ምህላውን ዘይበጽሖ ኸኣ ናይ ግድን ክበጽሖ ምዃኑ ክንርዳእ ይግባእ። እዞም ኣብ ወጻኢ እንነብር ብቐጥታ እኳ ዘበጽሓና እንተዘይመሰለና ኣብ ርእሲ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ኣብ ልዕሊ ኣቦታትናን ኣደታትናን ይወርድ ኣሎ። መሪር ስቓይን ጥሜትን ሞትን ማእሰርትን በቢዓይነቱ ዉርደትን እንዳረኤናን እንዳሰማዕናን ስቕ ዝብል ወይ ዘይርድኦ ወይ ከኣ ዘይግደሰሉ እንተሎ ከብትስ ምስ ሓራዲኤን ማይ ይሰትያ ከም ዝበሃል ናይ ስነኣእምሮ ሽግር ጥራሕ ዘይኮነ ካብ ናይ ከብቲ ዝፍለ ኣእምሮ ዘይምህላው ከስምዕ ይኽእል። ብዝተረፈ ኣቦታትና - ኣዴታትና - ኣሕዋትና - ኣሓትና - ብዘይ ገለ ገበን ንባርነት እሺ ስለዘይበሉ/ስለዘይበላ ጥራሕ ይእሰሩን/ይእሰራን ይቕተሉን/ይቕተላን ይሳቐዩን/ይሳቐያን ኣለዉን/ኣለዋን። ደቂ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ዘዘኽተመ - ብገንዘባውን ጉልበታውን መቅጻዕቲ ዘማህመነ - ብማእሰርትን መግረፍትን መሪር ስቃይን፡ ዕድመ ውጹዕ ህዝብና ዘሕጸረ ደመኛና ህግዲፍ ጥራሕ እዩ። ህዝብና ብሞቕሕ ኣካላቱ ለሚሱን ጐዲሉን ስቃይ ኣብ ልዕሊ ስቃይ ኮይኑ ኣሎ። ህዝብና ብዱላ እናተኸትከተን ብጥይትን እንዳተረሸነን ከመይ ጌርና ደቂስና ንሓድር። ህግዲፍ ሞራልን ንያትን ህዝቢ ኣዕረበ። ንብረትን መሬትን ድኻታት ዘመተ። ህዝቢ ናብ ድኽነትን ጥሜትን ደርበየ። ንኩሉ ስድራቤታት ንመናውሒ ስልጣኑ ክኾነሉ ህዝቢ ኣብ ቅልውላው ከምዝነብር ዝገበረ ዕዋላ ህግዲፍ እንዳረኤና ከመይ ገይሩ ድቃስ ይወስደና። ነብሲ ወከፍ ሃገራዊ ከኣ ብህግዲፍ በዚ ቀዛፊ ህይወት ዝኾነ ሽፍታ ንሞት ተሓጽዩ ከምዘሎ ምፍላጥ የድሊ። ህግዲፍ ኣብዚ እዋን እዚ ብዕለት 17 ሓምለ 2006 ካብ ዝኣወጆ ሓደ <u>ኩሉ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ኤርትራዊ ዘግኑት ናይቲ ዝነብረሉ ሃገር ይሃልዎ/ኣይሃልዎ ብዘየገድስ ካብ 1993 ጀሚሩ 2% ናይ ዓመታዊ እቶቱ ቀረጽ ዘይከፈለን፡ ቦንድ ዘይገዝኤን፡ ካብ 1998 ጀሚሩ ሓደ ዶላር ንመዓልቲ ዘይከፈለን፡ ንናይ ኤርትራ መንነት ካርድ $465 ዶላር ንመሳለጢ ስራሕ ዘይከፈለን ንኤርትራ ክሽይድ ኣይፍቀድን</u> ዝብል ኣብ ናይ ዓወተ ወብሳይት ወጺኡ ነይሩ። ኤርትራውነትን ንኤርትራ ምብጻሕን ዋጋ ዕዳጋ ብዶላር ተቐይሩ።

ስለዚ ኣብ ወጻኢ እንርከብ ኤርትራውያን ከኣ ህግዲፍ ኣርዑት ባርነት ኣብ ክሳድና የቐምጠልና ኣሎ። ኣብዚ ሰዓት እዚ ዲክታቶር ህግደፍ ጨካንን ኣረመናውን ዝኾነ ፋሺስታዊ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ዘይርዳእ እንተልዩ ሰብኣዊ ፍጡር ተባሂሉ ክጽዋዕ ኣጠራጣሪ እዩ።

ስለዚ ኩሉ ተቓዋማይ ነዚ ቅዝፈታት እዚ ንምጥፋእ ልቦንኡን ጉልበቱን ገንዘቡን ኣዋፊሩ ንናይ ሓባር ባርነታዊ መግዛእቲ ብሓባር ክፈትሖ ዝሕተተሉ ዘሎ እዋን እዩ። ቅድመ ኩነት ዘድሊ ሓድነት ምርግጋጽ ኮይኑ ብድሕሪኡ ከኣ ብዕጥቂ ብተግባር ንምስራሕ ንዓመጻዊ ስጉምቲ መተካእታ ክህልዎ ዘይከኣል እዩ። መሰረታውን ዘላቕን ዝኾነ ሱር ነቀል ፍታሕ ንምርካብ ኩላትን ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘለዋ ውድባትን፡ ካብኡ ወጻኢ ዘለዋ ውድባትን፡ ውልቀሰባትን፡ በርጌሳዊ ማሕበራትን፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ጸቢብ ኣራኣእያታትን ዕጹው ኣተሓሳስባታትን ነጻ ብምዃን፡ ብስነፍልጠታዊ ክለሳ ሓሳብ ብምምይያጥ ብምውህሃድን ህዝቢ ንምድሓን ሓድነት ምርግጋጽን ልዕሊ ኩሉ ኣገዳስነት ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ኩላተን ተቓወምቲ ንጹርን ዲሞክራስያውን ዝኾነ ፖሊቲካዊ ፕሮግራም ወይ ራእይ ንህዝቢ ክቕርባን ከዕግባን ሓላፍነተንን ግዴታኤንን ይኸውን። ብናይ ሓበር ኣድማዒ ስጉምቲ ከኣ ንህግዲፍ ብምውዳቕ በኹሩ ዝጸንሖ ዓቢ ሃገራዊ ዕማም ብጽፉፍን ብጥንቃቐን ክእለን ክፍታሕን ናይ ግድን የድልዮ። እዚ ከኣ ቅዋም ብህዝቢ ምንዳፍን ምጽዳቕን፡ ስልጣን ናብ ህዝቢ ምስግጋርን፡ ምስ ገረባብቲ ይኹን ምስ ዓለም ኣዎንታዊ ዝምድናታት ብምፍጣር ዓቢ ኣገዳስነት ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ንናይ ጽባሕ ቅስንትን ምዕብልትን ኤርትራ ንምህናጽ፡ ስነኪነትን ሃገራዊ ባህልን ምምዕባል፡ ትምህርትን ጥዕናን ምድንፋዕ፡ ሕርሻ ብዘመናዊ መሳርሒ ምስልጣን፡ ንግዳውን ካልእ ናይ ቍጠባውን ምንጭታትን ምስፍሕፋሕ፡ ነገራዊ ሃብቲ ብምፍራይ ሃገራዊ እቶት ክብ ምባል ወዘተ… ተኣኪቡ ዘሎ ሃገራዊ ፕሮጀክት ናይ መጻኢት ኤርትራ ጽንኩር ዕማም እዩ። ናብዚ ንምብጻሕ ቅድመ ተደላይነት ንህዝቢ ኤርትራ ዘዕውት ስትራተጂ ከኣ ልዕሊ ኩሉ ሓድነት ብምርግጋጽ ንሃገር ምቕዳምን ብስሙር ሓድነት ምቕላስን፡ መሰል ሕድሕድ ብምክብባር ድልየት ህዝቢ ንምትርጓም ምብቃዕን ጥራሕ እዩ። በዚ መሰረት እዚ ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ናይ ግድን ክኸውን እዩ።

## <u>ህግዲፍ እንከሎ……….የለን ድቃስ!!!</u>

ህግደፍ እንከሎ……….የለን ድቃስ
ወግሔ ጸብሔ……….ህዝቢ ምብስባስ
ብሕሱም መላኺ……….ዲክታቶር እሰያስ
ንህዝቢ ኰኒንዎ……….ንመሰሉ ምንቅስቃስ
ዲክታቶር እሰያስ..........ሃገር ከጥፍእ ንስልጣኑ
ህዝብን መሬትን……….ገቢቱ ሒዝዎ ንበይኑ
ጀንዳታቱ ኣዋፊሩ……….ሓፋሽ ኣብ ማሕዩር ዳጕኑ
ብባርነታዊ መግዛእታዊ……….ህዝቢ ኤርትራ ማሲኑ
ኣሕዋተይ ኣሓተይ……….ንእስነትኩም ንከንቱ ተቈጽዩ
ዝተሰዋእኩሙሉ ዕላማ……….ብዲክታቶር ተበቲኑ ዓንዩ
ህዝቢ ኤርትራ ተደርብዩ……….ኣብ ማእሰርቲ ተኾርምዩ
ብባርነታዊ ስርዓት……….ሓፋሽ ህዝቢ ተሳቒዩ
<u>ህግዲፍ እንከሎ……….የለን ድቃስ!!!</u>

ሓደራ ስውኣት ተጠሊሙ..........እንቋዕ ተመሊስኩም ኣይትርእይዎ
መንእሰይ ኤርትራ ጠፊኡ..........ዲክታቶር ኣብ ዘየድሊ ውግእ ኣርቢድዎ
ንበሊሕ ኣእምሮ ኩሉ..........ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክሳቐ ዳጉንዎ
ዕድል ዝረኸበ ድማ..........ንኽስደድ ናይ ግድን ኮይንዎ

ቀጺርካ ዘይውዳእ ግፍዕታት..........ይወርድ ኣሎ መቕዘፍቲ
ውላዱ ዝጠፍኤ ወላዲ..........ሓምሳ ሽሕ ይፍረድ መቕጻዕቲ
ክኸፍል ዘይከኣለ ድማ..........ይዕጸ ኣብ ቤት ማእሰርቲ
ንኣለይቲ ስድራቤት ኣጥፊኡ..........ኣዘኽቲሙ ሕጻውንቲ

<u>ህግዲፍ እንክሎ..........የለን ድቃስ!!!</u>

ማእለያ ዘይብሉ..........ገበናት ናይ ህግዲፍ
ህዝብና ክሳቐ..........ኣብ ማእሰርቲ ክግረፍ
መንእሰይ ተሓይሩ..........ንባርነት ክስለፍ
ንጀነራላት ከገልግል..........ካብ ገዝኡ ይግፈፍ

ሕልና መንእሰይ ዓሪቡ..........ብወፍሪ ባርነት ተጸሚዱ
ትምህርቱ ወዲኡ ከይሰርሕ.......... ንዲክታቶር ከገልግል ተገዲዱ
ኣሬመናዊ ስቅያት..........ወሪድዎ ኣብ ገዛእ ዓዱ
ብጥሙዩ ብዕሩቑ..........ከይሓለፈሉ ናብ ጉድጓዱ

<u>ህግዲፍ እንክሎ..........የለን ድቃስ!!!</u>

መጥፍእ ሃገር..........ዲክታቶር እሰያስ ተፈጢሩ
ካብ ክሓፍሩኒ ..........ክፈርሁኒ ክብል ብትምክሕቲ ዓዊሩ
ክወዳደርዎ ንዝኽእሉ..........የጥፍኦም በቲ እከይ ተግባሩ
ንዝኣምኖም ኣካላት..........የሰልጥን ክኾኑ ሰራውሩ

ታሪኹ ንዝፈልጡ..........ይቐትሎም ብስውር መንገዲ
ንለባማት ንምሁራት.......... የእትዎም ኣብ ፈቐዶ ጉዳጉዲ
ሚስጢራቱ ንዝርድኡ..........ይሕይሮም ብዘይ ገለ ፍርዲ
ህግደፍ ዝኣምላኽም..........ይሽየሙ ክኾኑ ናይ እሰያስ ዕርዲ

<u>ህግዲፍ እንክሎ..........የለን ድቃስ!!!</u>

ደም ጀጋኑ ስውኣት.......... ክነግደሉ ንብሕታዊ ስልጣኑ
ነጻ ጉልበት መንእሰኣያት..........ንልምዓት ሃገር ብዝብል ሽፋኑ
ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ..........ዝዓበየ ወናኒ ባሮት ኰይኑ
ካብ ዘበነ ባርነት ዝሃንደሶ..........ንህዝብና ከም ባሮት ወኒኑ

ታሪኽ እሰያስ..........ታሪኽ ቅትለተ ነፍሳት
ንስልጣኑ ኽብል..........ዘጥፍኤ ከንደይ ንጹሓት
ናይ ሓሶት ፍላስፋ..........ሓቂ ከምስል ዝፈጥር ሓሶታት
ይስዕስዕ ይሰክር..........ኣብ መቓብር ሰማእታት

<u>ህግዲፍ እንክሎ..........የለን ድቃስ!!!</u>

ኣብርሃም ተወልደ - ዶክተር ፍጹም - ዶክተር ሙሴ.....ኣጥፊእዎም
ሰሎሞን ወደማርያም - ዓንደብርሃን ገብረ - ወዲ ጆርጆ.....ቀንጺልዎም
ብዙሓት ጀጋኑ ብውዲት ኣቕቲሉ.....ብዓማ ተቐንጺሎም ኢሉ የእውየሎም
ኣሽሓት ጀጋኑ መንካዕ ኢሉ..........ብስውር ኣሕቂቕዎም

ተወልደ እዮብ - ደበሳይ ገ/ስላሴ - ደሃብ ተስፋጼን.....ካብቶም ዝረሸኖም
ታረቐ የሕደጎ - ኣፈወርቂ ተኽሉ - ኣበራሽ መልከ.....ካብቶም ዝቐተሎም
ሚካኤል ህ/ስላሴ - ወልደዳዊት ተመስገን - ስዒድ ሳልሕ.....ካብቶም ዝቐንጸሎም

ማሕሙድ ሓሰብ - እድሪስ ሓንገላ - ሃይለ ጋርዛ.....ካብቶም ዝቐዘፎም
**ህግዲፍ እንክሎ..........የለን ድቃስ!!!**

ሃገር ብዓዋሉ ክትመሓደር..........ኣይኮነን'ዶ ምስትንክር
በዓል ሃንጎሊማ - ባዶ ልቡ..........ናይ ዲክታቶር ዓሳኽር
ለባማትን ምሁራትን ይቕተሉ..........ሃገር ክወርዳ ሽግር
ዓጢነታትን ዕንዛርያታትን..........ይሽየሙ ሃገር ክትብል ድንግርግር
ብህግዲፍ ዝጠፍኤ ህይወት..........የብሉን ማእለያ
ኣብ ሳዋ ዝተዓሰከረ ክሳብ ሕጂ..........በጺሑ ዘሎ 19 ዙርያ
ተመሃራይ ይኹን ሰራሕተኛ..........ካልእ ብዓል ሞያ
ኣብ ባርነት ተቜሪኑ..........ተገዲዱ ብዘይ ንሕስያ

# ጃንዳታት ህግዲፍ ከመይ ዝኣመሰሉ እዮም።

ወዲ ሰብ ሓላፊ እዩ። ታሪኽ ግን ነባሪ እዩ። ታሪኽ ከኣ መግለጺ ናይ ዝሓለፈ ኣዎንታዊ ይኹን ኣሉታዊ ተግባራት ዝገልጽን ንጡምረ-ሓሳባት ናይ ዘንተመሳታዊ ነገርነት ናይ ወዲ ሰብ ህይወት ዘርዚሩ ዝነግርን ብኣሉታ ይኹን ብኣዎንታ ዝጸሉ መግለጺ ሓቂ እዩ። ስለዚ ጃንዳታት ህግደፍ ከኣ ከመይ ዝኣመሰሉ እዮም ክንብል እንክሎና ብተግባራቶምን ብእንታይነት ኣመጻጽእኦምን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘውረድዎ ኣሉታዊ ነገራት ዘይሕከኽ ስምብራት ስለዝገደፉ መጸውዒ ስሞም ንታሪኾምን ተግባራቶምን ዘመልክት ጥራሕ እዩ። ካብዚ ሲዒቡ ዘሎ ኣስማት ከኣ ሓጺር መግለጺ ናይ ተግባራቶም ስለዝኾነ ክዝርዝሮ ይፈቐደለይ። ንሳቶም እዞም ዝስዕቡ እዮም።

**ኣስማቶም ከምተግባሮም**................................ **ሓላፍነት ስርሖም**

ዘርኢ መርገም - ዘራጊቶ - እንታይ ግዱ.....ሰራዊት ባርነት የሰልጥኑ
ኣልቦ ቁምነገር - ገበታ ጃህራ -ዕዋና በጋሚዶ.....ሓፋሽ ኣብ ማእሰርቲ ይዳጕኑ
ዓጻቒ ተጻብኦ - ጠዋይ ልቢ - ክርዳድ ዘርኡ.....ፖሊቲካ ሓሶት ብሓይሊ የእምኑ
ተንኮል ዓቕሙ - ሽለብ ገለብ - ሓሶት ዕጣኑ.....ወረታት ምእካብ ይሃድኑ
ቃንዛ ለይቲ- መግለንጭዋ- ሕበጥ ልቢ.....ሰለይቲ ሓፋሽ ብሜላ ብጥበብ
ኣባ ከብዱ ኣድክይዎም - ጎይታ ገበን.....ካብ ሓፋሽ ዝምዝምዙ ገንዘብ
ስርቂ ዕጥቁ- ግናይ ትርኢት-ቁማል ህዝቢ.....ይሕሰዉ እንታይ ከም ዝዝረብ
መሔንኮሊ- ጸያቕ ነገር- ገባት ኩሉ.....ሓለፍቲ ናይ ስለላ መዝገብ
ኣልቦ ልጓም- ሃጠው ቀጠው- ዓዛፍ ዋህዮ.....ደለልትን ሽየጥትን ንብረት
ዕኰት ህዝቢ- ቃንጥሻ ዓሶ- ነቐዝ እኽሊ.....ቀተልትን ረሽንትን ህይወት
ቍንቍኒ ገዛ- ስውር ሕማም- ማእለማ ተንኮል.....ናይ ውግእ ሓለፍቲ ብረት
ሕማም ተላገብ- መርዚ ህዝቢ- ዑረት ዓይኒ.....ላዕለዎት ኣካላት መሪሕነት
ሓሶት ምህርቱ - መራሕ ጥሜት.....ወጻኢ ጉዳያት ሓለፍቲ
ኣስሓይታ ኣቐ`ንደፎም - ቅርጸት ከብዲ.....ውሽጣዊ ስለላ መርመርቲ
ደም ቀለቡ - በላዕ ሰብ - ስውር ሓሶት.....ናይ ዜና ጉዳያት ነፋሕቲ
ወ/ሮ ኰረሪማ ኣበሱዳ - ወ/ሮ ውቃቤ ቅንዝርዛሮ.....ናይ እሰያስ መዳኽርቲ
መንሽሮ ህዝቢ - ትኻን ገዛ - መልኣከሞት.....እሱራት ይሕልዉ
ኣንበጣ ህዝቢ - ኣልቦ ተስፋ - ጎይታ ድሕረት.....ምእንቲ እሰያስ ይብጀዉ
ሃበስ ቀደስ - ዕራርቦ መዳቜሲ - ነቲሕ ጕዱፍ.....ኣራርዮም ይሕስዉ
ኣራዊት ዘገዳም - ሕንዚ ተመን - ሕማም ሳንቡእ.....ህግዲፋዊ መደባት የዳልዉ

ስለዚ ብርግጽ ኣካላት ጃንዳ ህግዲፍ ምስ ባህርያቶምን ተግባራቶምን ዝሰማማዕ መጸውዒ ኣስማት ክወሃቦም እንከሎ ንምልላዮም ክጥዕም ተባሂሉ እዩ። ይኹን'ምበር ተቓሊስና ንምውድቖም ድማ እጃምና ከነወፊ ንሕተተሉ ዘሎና እዋን እዩ። እምብኣርከስ ህዝብና ንምድሓን ህግዲፋዊ ጠባያትን ባህርያትን ጸረ ህዝብን ሓደገኛን ስለዝኾነ ህዝቢ ከይነጸፈ ካብ ባርነታዊ መግዛእቲ ህግዲፍ፡ ንጭቁን ህዝብና ከነገላግሎ ነብሲ ወከፍና ሃገራዊ እጃሙ ክገብር ኤርትራ ትዕድመና ኣላ።

## <u>ዋዛ ምስ ቁምነገር</u>

እሰያስ ርእሱ ሓሚሙ ናብ ናይ ስነኣእምሮ ሓኪም ምስ ከደ፡ ሓኪም ከኣ ሓንጎል እሰያስ ስለ ዝተበላሸወ ሓንጎሉ ብሓዲስ ሓንጎል ክትካእ ወይ ክቕየር ማለት (BRAIN TRANSPLANT) ክግበረሉ ይእዝዝ። እሰያስ ነዚ ምቕባል ስለዝኣበየ ናብ ዝለዓለ ሓኪም ይሓልፍ እሞ እዚ ዝዓበየ ሓኪም ከኣ ኣብ ሓንጎል እሰያስ ዝረኸቦ BRAIN TUMOR ለይቲ ዘባህርር - ህይወት ሰብ ከይቀተለ ዘይዓርፍ - መትንታት ናይ ሓንጎሉ ከኣ መስመራቱ ስለዝተዘናበለ ንሓሶት ከም ሓቂ ንሓቂ ከኣ ከም ሓሶት ገይሩ መስመሩ ሲሒቱ ይሰርሕ ስለዘሎ ሕጂ እሰያስ ናይ ምጽላሉ ደረጃ 89.5% በጺሑ ኣሎ። ሰለስተ ወርሒ እንተጸኒሑ ግን 114.9% ክድይብ ምዃኑ ሓኪም ይሕብር። ስለዚ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕሙም ሓንጎሉ እሰያስ ብሓዲሽ ሓንጎል ብመጥባሕቲ ምእንቲ ክትካእ ንእሰያስ ምርጫ ይወሃቦ። እሰያስ ከኣ ሓንጎል ናይ ሳጥናኤል (ሊቀሰይጣውንቲ) ከም ዝደሊ ንሓኪም ይነግሮ። ሓኪም ከኣ ንስኻ ሰብ ኢኻ ናይ ሰብ ሓንጎል ኢና ንትክኣልካ በሎ። እሰያስ ከኣ ሰብ ኣይኮንኩን ሰይጣን እየ። ሰብ ምኻነይ ከመይ ገርካ ተረጋግጽ ኢሉ ሓተቶ። ሓኪም ከኣ ሰይጣን ረቂቕ ስለዝኾነ ክንርእዮ ኣይንኽእልን ኢና ሰብ ግን ስጋ ስለዘለዎ ከማይ ከማኻ ክንረኣኤ ንኽእል በሎ። እሰያስ ከኣ ሰይጣውንቲ እውን ክልተ ዓይነት እዮም፡ ስጋ ዘለዎም ዝረኣዩን፡ ረቛቕቲ ዘይረኣዩን። ኣነ ከኣ ካብቶም ዝረኣዩ ዓይነት ኣቦ ወንበሮም እየ በለ። ድሕሪዚ እዚ ሓኪም ምስ ኣማኸርቱ ምስ ተዘራረበ እዚ ዝስዕብ ሓሳብ ረኸበ። ኣቶ ዓሊ ሰይድ ሓሚሙ እንከሎ ብእምነት ቤተሰቡ ድማ ስእሊ ናይ ሰይጣን እንተ ረኣየ ይሓዊ ስለዝበሃል እሰያስ ሰይጣን ምዃኑ ከነረጋግጽ ንዓሊ ሰይድ ኣብ ቅድሚ ስእሊ እሰያስ ጠጠው ነብሎ እሞ ኽሓዊ እዩ ተበሃሃሉ። ድሕሪ'ዚ ንዓሊ ሰይድ ናይ እሰያስ ስእሊ ኣምጺኦም ኣርኣይዎ እሞ ዓሊ ሰይድ ከኣ ብቕጽበት ሞተ። ድሕሪ'ዚ ሰንቢዶም ኣቶ ዓሊ ሰይድ ሰይጣን እንተርእዩ ከምዝሓዊ ንፈልጥ ኢና። እሰያስ ሰይጣን እንተ ኰይኑ ድኣ ስለምንታይ ሞይቱ ኢሎም ነዚ እሰያስ ብኢደወነኑ ናይ ቤተክርስትያን ምምሕዳር ከም ኣቦወበር ሽይምዎ ዘሎ ዮፍታሄ ዲሜጥሮስ ሓተትዎ። ዮፍታሄ ከኣ እሰያስ እኮ ሰይጣን ጥራሕ ዘይኮነስ ሊቀ ሰይጣውንቲ እዩ። ካብ መጠን ንላዕሊ OVERDOSE ስለዝሃብክምዎ ሞይቱ በሎም። እዞም ሓካይም ከኣ ብOVERDOSE መድሃኒት ምሃቦም ብቤተሰብ ናይ ኣቶ ዓሊ ሰይድ ተኸሲሶም ጋር ነብሲ ከፊሎም ይበሃል። ናይ እሰያስ ሓንጎል ግን መተካእታ ስለ ዘይተረኽበ ክትካእ ኣይተኻእለን። ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ግን ሓኪም ብጽላለ ክትመውት ኢኻ ስለ ዝበሎ ንጃንዳ ህግደፍ ጽንዓት ይሃቦም ንብል።

ኣብዚ ሰሙን እዚ ናይ እሰያስ ኣማኸርቲ ወይዘሮ ዛርቲ ናይ ደቀሕድርትና ኣደ ወንበርን ዝኾነትን፡ ባሻይ ዓንዶረቦ ዝተባህለ ዘርኢ መርገም ኣቦወንበር ናይ ማሕበር ማፍያን፡ ንእሰያስ ኣምሂሩ ዘዕበዮ ኣቡነ እኩያን ውጉዝ ኣርዮስን፡ ብድያብሎስ ተሰንዮም ንእሰያስ ክበጽሕዎ መጺኦም፡ ምስ ህግዲፍን ጃንዳ ህግዲፍን ሰሚናር ኣካይዶም። ኣቦ ወንበር ህግዲፍ ዲክታቶር እሰያስ ኣብ ሓጺር እዋን ካብ ስልጣኑ ክፋኖ ምዃኑ ሓቢሮም። ዲክታቶር እሰያስ ናይ መወዳእታ ለበውኡ ወይዘሮ ዛርትን፡ ድያብሎስ፡ ዓንደረቦን፡ ኣርዮስን ብሓባር ኣብ

ዘለውሉ ነቶም እሰያስ ውክልና ስልጣን ዝሃቦም እሰያስ ባዕሉ ከምዚ ዝስዕብ ትእዛዝን ለበዋን ኣመሓላለፈሎም።

1- ኣነ እሰያስ ሊቀሰይጣውንቲ ጎይታኹም እየ እሞ ንምሉእ ህይወትኩም ኣምልኹኒ
2- ስመይ ክሰፍሕን ኽዓብን ብዙሓት ሰዓብቲ ኣፍርዩለይ
3- ንኹለን ኣብያተ ክርስትያናት ፍሕ ብትን ኣቢልኩም ኣፅንውወን
4- ንወለዲ ብውላዶም ክህረሙን ክቕተሉን ኣዝዙ
5- በቢዕለቱ ብስውር ይኹን ብግህዶ ንዝዋዳደርኹም ቅተልዎም
6- ንብረትን ሃብትን ህዝቢ ዝሙቱዎን ገብትዎን
7- ሓሰውቲ መሰኻኽር ንዓኻትኩም ዘገልግሉ ኣሰልጥኑ
8- ንደቀንስትዮ መሳርሒ ተጠቐሙለን ሓዳር ንኸይገብራ ኸኣ ኣነውርወንን ኣባዕልግወንን
9- ምንዝርና ኣስፋሕፍሑ
10- ስድራ ቤታት ፋሕ ብትን ንኽብላ ፍትሕ ኣማዕብሉ
11- ህዝቢ ህይወቱ ምእንቲ ክትውንኑ ንህዝቢ ብጥሜት ከም ዝተሓዝ ግበሩ
12- ዓሌትን ወገንን ሃይማኖትን ከም መሳርሒ ተጠቐሙሉ
13- ንዓኹም ዘምልኹ ዘይለበሙ ኣሰልጥኑን ሽመት ሃቡን
14- ዝለዓለ ሓይሊ ሰራዊት ኣማዕቢልኩም ንኽትፍርሁ ኣሸቡሩን ኣርዕዱን
15- ንሰራዊትኩምን ንህዝብን ፈላሊኹም ግዝኡ
16- ሓሶት ዘዌውተኩም እንተ ኾይኑ ንህዝብን ሰራዊትን ከም ሓቂ ክቅበሎ ኣገድዱ
17- ንዘይምእዘዝኹም ኣብ ትሕቲ ጕድጓድ ብሓጺር ሰንሰለት ኣሲርኩም ኣልምስዎም
18- ንኩሉ ተራ ህዝቢ ብነዊሕ ሰንሰለት ከምዘይፍለጦ ኣሲርኩም ክንቀሳቀስ ግደፍዎ
19-- ቤት ትምህርቲ ባርነት ኣማዕብሉ ንዓኻትኩም ዝውፈዩ ከኣ ኣሰልጥኑ
20- ነብሲ ወከፍ ሰብ ኽሓፍረኩም ዘይኮነስ ከፈርሃኩም ናይ ፍርሂ ባህሊ ኣሕድሩሉ

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ትእዛዝ ነዞም ኣብ ላዕሊ ኣስማቶም ተዘዚሮም ዘለዉ ጃንዳ ህግድፍ እሰያስ ቅድሚ ምማቱ ዝገድፈሎም ዘሎ ለበዋ ሕድሪ ዲክታቶር እዩ።

## ለበዋ

ህዝብና ሽግ ሓርነት ክዓትር ኣእጃምና ንግበር!! ሕድሕድና ተጸዋዊርና ንህዝቢ መስተርሆት ክንከውንን፡ ምእንቲ ህዝቢ ክንብጆን፡ ሽግር ህዝቢ ንክንፈትሕ ከኣ ሓድነትና ኣረጋጊጽና ኣገልገልቲ ህዝቢ ንምኳን ተሪር መርገጽ ክንወስድ ንሕተተሉ ዘሎና ግዜ እዩ። ናይ ህግዲፍ መግዛእቲ ኣብቂዑ ሽግ ዓወት ንስውኣትና ከነብርህ መብጽዓን ለበዋን ሰማእታትና ከኣ ብግብሪ ክንምልስ ይግባና። ንምዕዋቱ ተበግሶታት ክንወስድ መደባትና ሰሪዕና  ብጽፉፍ ኣጋባብ ክንሰርሕ ሰሚናራት ብህጹጽ የድልየና። ብስሙር ሓድነትን ተበጃውነት ኣእጃምና ከነልዕል ሃገራዊ ዋዕላ የድልየና። ሕድሕድ ምክብባርን ምትሕልላይን ከኣ ንሓድነትና ዘቀላጥፍ ሓላፍነታዊ ዕማም እዩ። በዚ መንገዲ እዚ ከኣ ውጹዕ ህዝብና ናይ ግድን ክዕወት እዩ። ትሕዝቶ ጽሑፈይ ኣብዚ እናደምደምኩ ብትዕግስቲ ስለዝተረዳእኩሙኒ ከኣ ሃገራዊ ፍቕሪ ዝመልአ ምስጋናይ ምስናይ ሰላምታይ ከመሓላልፍ እፈቱ።

**ዓወት ንውጹዕን ጭቍንን  - ጅግና ተቓላሲ ህዝቢ ኤርትራ!!**
**ክብርን ዝኽርን ንሰማእታት - ህይወቶም ዝኸፈሉ ንኽንከውን ሓራ!!**
**ውድቀት ንህግዲፍን ጃንድኡን - መጥፋእቲ ዓዲ ሕማም ፌራ!!**